ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን
ንድሕነት ሃገር

إتحاد الحركة الإرترية
لإنقاذ الوطن

**Eritrean Solidarity Movement for National Salvation**

# ደምዳሚ መግለጺ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኬባ ማእከላይ ሽማግለ ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር

ማእከላይ ሽማግለ ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር ካብ 10 ክሳብ 14 ሚያዝያ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣቃኒዑ። ማእከላይ ሽማግለ ኣብ'ዚ ዘካየዶ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣብ ዝርኣዮ ጉዳይ፡ እቲ ዓለማውን ዞባውን ከባቢያውን ፖለቲካዊ ኩነታትን ዝፈጥርዎ ዘለዉ ምዕባለታት ዘተኮረ ኢዩ። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ዓለምና ዝጸንሐ ፖለቲካዊ ሚዛናትን ኩነታትን እንዳተቀየረ ይመጽእ ምህላዉ፡ እዚ ሓድሽ መቐይሮ ኣብ ፖለቲካዊ ናይ ሓይልታት ኣሰላልፋ'ውን ይለዋወጥ ከም ዘሎ ማእከላይ ሽማግለ መዚኑ። እዚ ናይ ሚዛን ምቅይያር ዘስዓቦ ናይ ኣሰላልፋ ሓይልትታ ምልውዋጥ፡ ኣብ ዞባናን ከባቢናን ዝፈጥሮ ዘሎ ጽልዋ ኣዝዩ ይዓቢ ብምህላዉ፡ እቲ ኣብ ከባቢና ዝኸሰት ዘሎ ሓደስቲ ምዕባላታት፡ ዘለዎ እወንታውን ኣሉታውን ጽልዋታት ገምጊሙ። ማእከላይ ሽማግለ እቲ ኣብ መንጎ ዓበይቲ ሓይልታት ዝግበር ዘሎ ናይ ፖለቲካውን ቁጠባውን ምውድዳብ፡ ካልእ መልክዑ ዝሓዘ ኲናት፡ ኣብ ዞባና ከባቢና ዘለዎ ጽልዋ ብዝምልከት ኣብ ዝራኣዮ ጉዳይ ብፍላይ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝኸሰት ዘሎ ሓደስቲ ተርእዮታት፡ ዓቢ ቆላሕታን ዕቱብ ፖለቲካዊ ብስለትን ብዘለዎ ኣገባብ እንተዘይተታሒዞ ሳዕቤናት ከኸትል ከም ዝኽእል ማእከላይ ሽማግለ መዚኑ።

ኣብ መዳይ ጉዳይ ሃገርና ኤርትራ ኣመልኪቱ ማእከላይ ሽማግለ ስምረት ኣብ ዝራኣዮ ጉዳይ፡ኩነታት ኤርትራ በቲ ንዝሓለፈ 27 ዓመታት ህግደፍ ብዝተኸተሎ ግጉይ ናይ ውሽጢ ዓዲ ፖሊሲ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ዝሓንጸጾም ፖለቲካዊ ትልሚ ዕዮታት፡ምስ ጎረባብቲ ይኹን ምስ ዓለማዊ ማሕበረሰብ ዝምልከት ዝመረጾ ናይ ዝምድናታት ኣካይዳ፡ ኤርትራ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ክትሽከል፡ መጻኢ ጉዕዞ ሃገርና ኣብ ማንታ ኣዝዩ ሓደገኛ ቀራና መንገዲ ክወድቕ ጌርዎ ከም ዘሎ ርእዩ። ማእከላይ ሽማግለ ኣብ ዘነጸሮ ሚዛን፡ ኤርትራ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፡ ኣብ ዓሙቅ ፖለቲካዊ ቅልውላው፡ ፍጹም ድኽነትን ናይ ድንቁርና ዓንኬልን ብምውዳቓ፡ በቲ ካልእ ከኣ ህግደፍ ዝኽተሎ ዘሎ ውሽጣውን ግዳማውን ኣካይዳ፡ ጌና ዘይተማህረሉ ዓንዳሪ ባህርያቱ፤ ዝነፍሖ ዘሎ ናይ ኲናት ነጋሪት፡ ዕጫ መጻኢ ኤርትራ ብሓደጋታት ክኸበብ ይኽውን ከም ዘሎ ኣስሚሩሉ።

ማእከላይ ሽማግለ ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነበረ ንክልተ 10ታት ዓመታት ዝቐጸለ ግርጭት መዕለቢ ክረክብ ዝተወስደ ተበግሶ ሓደ ስጉሚ ንቅድሚት ምዃኑ ኣስሚሩሉ። በቲ ካልእ መዳይ'ውን ህግደፍ ዝሕባኣሉ ዝነበረ ባዓቲ ፈሪሱ፡ ህዝቢ ዘቤታዊ ሕቶታት ከልዕል ዘግበረ ሓዱሽ ምዕባለ ዝፈጠረ ምዃኑ ርእዩ። ይኹን ድኣምበር፡ እቲ ውሑስ ሰላም ናይዘን ክልተ ሃገራት ኣብ ዝተኣማምን ደረጃ ዝበጽሐ፡ እቲ ጠንቂ ግርጭት ዝኾነ ጉዳይ ዶብ ሕጂ'ውን ናይ መወዳእታ መዕለቢ ክግበርሉ ጸዊዑ። ካብ'ዚ ሓሊፉ እቲ ናይ ክልተ ህዝብታት ርክብን ዝምድናታትን ከም'ቲ ዝጀመሮ ክቕጽል፡ ብምኽኑይ ዘይኮነ ነገራት እቲ ካብን ናብን ናይ ህዝቢታት ርክብ ንምዕጋት ዝግበር ወስታታት፤ ህዝቢ ዳግም ናብ ግርጭት ዘምርሕ ጉዳያት ጠጠው ክብል ጸዊዑ። ህዝቢ ኤርትራ ኩሉ'ቲ ንኲናት ዝዕድም፡ ሰላም ዝዘርግ ዘመተ ንክነጽጎ ማእከላይ ሽማግለ ተማሕማጺኑ፡፡

ኣብ መዳይ ድሕሪ ምጅማር መስርሕ ሰላም ዝምዕብል ዘሎ ኩነታት ኣመልኪቱ ማእከላይ ሽማግለ ኣብ ዝራኣዮ ጉዳይ፡ ዶብ ምስ ተኸፍተ ትጽቢት ህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ምንባሩ እዩ። እቲ ትጽቢት ህዝቢ ኤርትራ ግን ህግደፍ ከተግብሮ ፍቃደኛን ቅሩብን ብዘይ ምዃኑ፡ እቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳላሕለሐ ክኸይድ ዝጸነሐ ዝምድናታት ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ናብ ናይ መወዳእታ ጠርዚ ምብታኽ ከም ዝበጽሐ መዚኑ። እዚ ናይ ህዝቢ ኤርትራን ህግደፍን ዝምድና ናይ ምብታኹ ግልጺ ምልክት ከኣ እዚ ዓለምለኻዊ ካብ ኣመሪካ ክሳብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ካብ ኣውሮጳ ክሳብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ውሽጢ ዓዲ'ውን እንተኾነ ዝጋዋሕ ዘሎ ድምጺ ይኣክል ህያው ኣብነት ምዃኑ ኣሚቱ።

ማእከላይ ሽማግለ ኣብ ጉዳይ ኩነታት ተቓውሞ ኣብ ዝራኣየሉ ጉዳይ፡ ደምበ ሰውራ ብብዝሕን ብዓይነትን ይልወጥ ምህላው ርእዩ። ነዚ ሓድሽ ምዕባለ፡ ዓይነታዊ ምልዕዓል ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን፡ ነቲ ዝድለ ዘሎ መሰረታዊ ለውጢ ንምዕዋት፡ ንጹር ንኹሉ ኣስሚሩ ዘቃልስ ህዝባዊ መስመርን፡ ብቁዕ ተባዕ ዲሞክራሲያዊ መሪሕ ኣካል ከም ዝድልዮ ኣሰሚሩሉ። ኣብ'ዚ መዳይ ስምረት ምስ ኩሎም ንመሰረታዊ ለውጢ ዝቃለሱ ዲሞክራስያውያን ሓይልታት፡ ጉጅለታትን ባእታታትን ብሓባር ክቃለስ፡ ነቲ መድረኽ ዝሓቶ ዘሎ ጉዳያት ከማልእ ቅሩብ ምዃኑ ኣስሚሩሉ። ማእከላይ ሽማግለ ነቲ ኣብ መላእ ዓለም ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ይኣክል ድምጻዊ ማዕበል ዘንቀሉ ብምምጓስ፡ እቲ ስዒቡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ዝግበር ዘሎ ህዝባዊ ምልዕዓላትን ዝቃላሕ ዘሎ ድምጺ ጸረ ዓመጽ ክቐጽል፡ እቲ ህዝባዊ ማዕበል ካብ ድምጺ ናብ ዝተጨበጠ ነገራዊ ውዳበ ክሰጋገር፡ እቲ ህዝባዊ ኣኼባታት ናብ ዝሰፍሐ መድረኽ ሃገራዊ ዘተ ክምዕብል ኣተሓሳሲቡ፡፡ኣብ'ዚ ኩሉም ተቓለስቲ ሓይልታት ሓርነት ግቡእ ሓላፍነታዊ ግደኦም ክጻወቱ ጸዊዑ። ማእከላይ ሽማግለ ኣብዚ ዝኸይድ ዘሎ ሕኑን ህዝባዊ ማዕበል ዝምልከት ወሲኹ ኣብ ዝራኣዮ ጉዳይ፡ እዚ ተበጊሱ ዘሎ ማዕበል ናይ ጸላኢ ስልኳታት ከይሓፍልፎ ፡ ካልእ ፖለቲካውዊ ጭውያ ከየጋጥሞ ልዑል ኣቓልቦን ጥንቃቐን ክግበር ኣተሓሳሲቡ። ኤርትራ ከም ሃገር ትቕጽል ስርዓት ህግደፍን ኣዕናዊ ኣተሓሳስባኡን ተኣልዩ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጉዳዩ ባዕሉ ወሳኒ ምስ ዝኸውን ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ማእከላይ ሽማግለ፡ እቲ  ህግደፍ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ጉዳይ ልዑላውነት ዝምልከት ዝኽተሎ ዘሎ ቀይሕ መስመር ዝጠሓሰ ኣካይዳ ይኹንን። ኤርትራዊ ሃገራዊ ልዑላውነት ንምውሓስ፡ ስምረትን እቲ ስምረት ዝሳተፎ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባርን፡ ነቲ ሎሚ መድረኽ ዝሓቶ ዘሎ ቀዳምነታት ምድሓን ህዝብን ሃገርን ክኸውን፡ ካብ ውድባዊ ርእይቶ፡ ሃገራዊ ጉዳይ ስለዝዓቢ፡ ልዕሊ ማንም እዋን ፖለቲካዊ ሓይልታት ብዘይ ቅደመ ኩነት ኩሉ ዓቅምታቶም ኣስሚሮም ልሉይ ተርኦም ክጻወቱ፡ ነዚ ንምዕዋት ከኣ ስምረት ድልውነቱ ከም ዘረጋግጽ ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽ ኣሚሙ።

ማእከላይ ሽማግለ፡ ድሕሪ'ቲ ዘካየዶ ዓሙቅ ውሽጣዊ ገምጋም፡ ኣብ'ዚ ሕጂ ሰዓት ነቲ ኩነታት ዝምጥን ቃልሲ ክገብር ምዃኑ፡ ኤርትራ ካብ ጥፍኣት ንምድሓን እቲ ርእሰ ቀዳማይ ዕላማ ጌሩ ክሰርሕ ምዃኑ ርእዩ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ዝሓለፈ መስርሕ ቃልሲ፡ ፖለቲካዊ ሕመቕና ይኹን ሕጽረታት ዝፈጠሮ ጸገማት ዝወለዶ፡ ኣብ ጉዕዞ ቃልስና ዘጋጠሙ ግርጭታት ድሕሪ ምግምጋም፡ ስምረት ሕጂ'ውን ንኹሉ 'ቲ ሕሉፍ ኣወንዚፉ፡ ቀዳምነት ህላውነት ህዝቢ፡ቀዳምነት ሃገር ብምባል፡ ንዳግም ሕዳሴን ሓባራዊ ቃልስን ዓወትን ቅሩብ ምህላዉ ኣስሚሩሉ። ከም ህዝቢ እቲ ዝዓበየ ጸላኢ ዘለና ህግደፍ እዩ፡ ንዕኡ ንምስዓር ካኣ ናይ ኩልና ሓባራዊ ጻዕሪ ከምዘድሊ ኩሉ ዘይስሕቶ ሓቂ እዩ። ነዚ ተግባራዊ ንምባር ማእከላይ ሽማግለ ስምረት ናብ ኩሎም ኣባላት ዝነበሩ ብናይ ይቕረ ይቕረን ሰናይ መንፈስን ተበጊሶም ዳግማይ ናብ መሳርዕ ስምረት ተመሊሶም እጃሞም ከበርክቱ ጻውዒቱ የቕርብ። ማእከላይ ሽማግለ ስምረት ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ምስ ኩሎም ኣካላት ክዘራረብን ክረዳዳእን ድሉው ምዃኑ ይሕብር። ሓባራዊ ዕላማ ተሰኪምና በበይንና ጉዕዞ ብዙሕ ከሰጉመና ስለዘይክእል፡ ኩሉ ንድሕሪት ገዲፍና ብሓባር ናብቲ ናይ ሓባር ጸላኢና ክንወፍር ማእከላይ ሽማግለ ስምረት ጻውዒቱ የቕርብ። ማእከላይ ሽማግለ፡ ሕድሪ ሰማእታት ንምፍጻም፤ ምዕብልትን ብልጽግትን ሃገር ኣብ ምህናጽ፡ህዝብና ካብ ኣርዑት ባርነት ተናጊፉ ራህዋ ዝረኽበሉ፡ ሰላማ ዘስተማቅርሉ ባይታ ንምፍጣር፡ እቲ ኩሉ ዝከኣል ክገብር፡ ሕጂ'ውን እቲ ኩሉ ዝኽፈል ብምኽፋል ንምዕዋቱ ድሉው ምህላዉ ኣረጋጊጹ።

ማእከላይ ሽማግለ፡ ኣብ ጉዳይ ሓድነት ኣመልኪቱ ዝራኣዮ ዛዕባ፡ ዘለናዮ መድረኽ ኣዝዩ ታሃዋሲ፡ ጉዳይ ኤርትራ ናብ ኣዝዩ ተኣፋፊ መልክዑ የምርሕ ብምህላዉ፡ጉዳይና ህጹጽ ፍታሕ ዘድልዮ ሰለዝኾነ፡ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ኩሉ ኣካላት ደምበ ተቓውሞ ንሓድነትን ሓባራዊ ስራሕን ክጥምት ከም ዘለዎ ርእዩ፡፡ ነዚ እዋን ዝምጥን ኩለንተናዊ ቃልሲ ንምዕዋት እምብኣር ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታት ዝሓቁፍ ሰፊሕ ሃገራዊ ጽላል ክንምስርት እዋኑ ምዃኑ ኣሚቱ። ነዚ ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ጽላል ንምዕዋት ከኣ ስምረት ድልውነቱ ኣረጋጊጹ። ማእከላይ ሽማግለ ነቲ ምስ መሻርኽቱ ኣቀኒምዎ ዘሎ ግንባር (ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር ) ንምሕያል፡ ኣብ'ዚ ቅልጡፍ ምላሽ ዝደሊ ዘሎ ጉዳይ ሃገር፡ ኩለንተናዊ ዓቅሙ ከበርክት፡ ኣብ ምሕያሉ ዝከኣሎ ኩሉ ክገብር ምዃኑ'ውን ኣሚሙ።

ማእከላይ ሽማግለ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ስምረት ክሰላሰል ዝጸንሐ ኩሉ ናይ ቃልሲ ዕማማት፡ ኣቀዲምም ዝወጹ ናይ ቃልሲ ትልምታት ብዕምቆት ድሕሪ ምፍታሽ፡ ዝጸንሑ ባዕላዊ ጸገማት፡ ውድዓዊ ሕጽረታት ኣለልዩ፡ ግቡእ ምላሽ ንምሃብ፡ ኩለንተናዊ ተሃድሶ ብምግባር ውሽጣዊ ምውድዳብ ብምስላጥ ንዝሓየለ ቃልሲ ክሰርሕ ተሰማሚዑ። ማእከላይ ሽማግለ ኣብ

መወዳእታ ዘሕለፎ መልእኽቲ እቲ ከም ህዝብን ሃገርን ዘለናዮ ኲነት፡ ኣዝዩ ታሃዋሲ ብምዃኑ፡ ግዜ'ውን ብዘይ ምህላዉ፡ ኩሉ ዜጋ ሃገራዊ ሓላፍነቱ ከልዕል፡ ፖለቲካዊ ሓይልታት ናይ ሓባር ስራሕ ክሰርሑ፡ እቲ ዘይተወደበ ኣብ ዝኣምነሉ ዕላማ ክውደብ፡ ኣብ ንጹር ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ተሰሊፉ እጃሙ ከበርክት ጻዊዑ፡፡

ቀዳምነት ጠመተና ጉዳይ ሃገር ይኹን ! !

ንወደብ፡ ውደባ'ዩ ሓይሊ ዝፈጥር፡ ውደባ'ዩ ዓወት ዝወልድ። ብሰናይ ድሌት ዝመጽእ ለውጢ የሎን።

ኤርትራን ኤርትራውነትን ንዘልኣለም ክነብሩ ኢዮም!!

ሓርነትና ናይ ግድን ኢዩ ! !

ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ስምረት

14 ሚያዝያ 2019